# መጓዓዝያ

ባቡርን ኣውቶቡስን

ብሽግለታ / ብእግሪ

መኪና / ብሽግለታ

ፍቓድ ምምራሕ መኪና (ተሽከርከርቲ)

# ባቡርን ኣውቶቡስን

ኣብ ስዊዘርላንድ ዝርከብ ህዝባዊ መጓዓዝያ ኣዝዩ ብጽቡቕ ዝማዕበለ(ዝተሃንጸ) እዩ። ዳርጋ ኩለን ከተማታት ብባቡር ወይ ብኣውቶቡስ ክብጽሓ ይኽእላ እየን። ኣገልግሎት መጓዓዝያ ሰዓት ዘኽብርን ብስሩዕ ናይ ግዜ ፍልልይ ዝንቀሳቐስን እዩ ።

## ህዝባዊ መጉዓዝያ

ህዝባዊ መጓዓዝያ (ÖV) ኣብ ስዊዘርላንድ ኣዝዩ ኣገዳሲ(ኣድላይ) እዩ። ዳርጋ ኩለን ከተማታት ኣብ ሰዓት ብተደጋጋሚ ክብጽሓ ስለ ዝኽእላ፡ ብዙሓት ተጓዓዝቲ ብባቡር ወይ ብኣውቶቡስ እዮም ዝጕዓዙ። እቲ ግዕዞ(ዋጋ) ብተዛማዲ ክቡር እኳ እንተ ኾነ ገንዘብ ክትቁጥበሉ እትኽእል ዝተፈላለየ ተኽእሎታት ግና ኣሎ። ንኣብነት ናይ ነዊሕ ግዜ ኮንትራት(ኣቦንመንት) ቲኬት ወይ ናይ ሕሱር ዋጋ ቲኬት ምዕዳግ ጠቓሚ ክኸውን ይኽእል እዩ። ብተዛማዲ ክቡር ዘይኰነ ፍርቂ ዋጋ ኣቦነመንት ተጠቒምካ(Halbtaxabonnement | abonnement demi-tarif) ንኣብነት ኣብ መላእ ስዊዘርላንድ ፍርቂ ዋጋ ኢኻ እትኸፍል። ንገሊኣን(ውሱናት) ባቡራት ወይ ኣውቶቡሳት ዝኸውን ቁጠባዊ ትኬት (Sparbillett | billet dégriffé) እውን ክትዕድግ ትኽእል ኢኻ።

## ናይ መጉዓዝያ ትኬትን ኣቦንመንት (ናይ ነዊሕ ግዜ ኮንትራት ትኬት

ባቡር ክትጥቀም(ክትጉዓዝ) እንተ ደሊኻ ቅድሚ ጉዕዞኻ ትኬት ክትዕድግ ኣሎካ። ትኬት ኣብ ባቡር ክትዕድግ ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣብ ኣውቶቡሳት ግን ካብዚ ዝተፈልየ መምርሒ(ኣሰራርሓ) ኣሎ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ መደበር ባቡርን ኣብ መብዛሕትኡ መጸበይ(ፌርማታ) ኣውቶቡሳትን ናይ ቲኬት ማሽናት ይርከብ እዩ ኣብ ዓበይቲ መደበራት ከኣ ሰራሕተኛታት ሸየጥቲ ቲኬት ኣለዉ ። ትኬት ብኢንተርነት ወይ ብሞባይል ተሌፎን ክትዕድግ ትኽእል ኢኻ። ነቶም ብዙሕ ዝጉዓዙ ሰባት ዝተፈላለየ ናይ ነዊሕ ግዜ ኮንትራት(ኣቦንመንት) ቲኬት ኣለዎም። እዚ ከኣ ንንጽል ጉዕዞ፡ ንዝተወሰነ ቦታታት ንምጉዓዝ ወይ ንብምሉኡ መራኽቢ መጓዓዝያ ስዊዘርላንድ (Generalabonnement | Abonnement général) ክርከብ ይከኣል እዩ። ክሳዕ 6 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ ምስ ሓደ መሰነይታ ሰብ ብናጻ እዮም ዝጉዓዙ። ክሳዕ 16 ዓመት ዝዕድሚኦም ንኣሽቱ ደቅኹም ወይ ደቂ ደቅኹም ጁንየር ካርድ ወይ ናይ ደቂ ደቅኹም ካርድ (Junior- oder Enkelkarte | carte junior) እንተ ሃልይዎም ምስ ወለዶም ወይ ኣቦሓጎታቶምን እኖሓጎታቶምን (ዓባዮምን) ብናጻ እዮም ዝጐዓዙ። ብዛዕባ ትኬት ኮነ ናይ ነዊሕ ግዜ ኮንትራት(ኣቦንመንት) ትኬት ካብ ፈደራላዊ መጓዓዝያ ባቡር ስዊዘርላንድ (SBB | CFF) ወይ ትካላት(ኩባንያታት) ኣውቶቡስ ሓበሬታ ኽትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ካንቶን በርን ሊበሮ (LIBERO) ማሕበር ትኬት(ታሪፍ)

ኣብ ውሽጢ ካንቶን በርን ማሕበር ትኬት(ታሪፍ) ሊበሮ ንንጽል ትኬት፡ ንነዊሕ ግዜ ኩንትራት (ኣቦንመንት) ከምኡውን ናይ ምሉእ መዓልቲ ትኬት ፍሉይ ክፍሊት ይህብ። እቲ ከባቢ ኣብ ዝተፈላለየ ዞባታት(ዞናት) ዝተመቐለ እዩ። ንጽል ትኬት ወይ ናይ ኩንትራት (ኣቦንመንት) ትኬት ኣብ ውሽጢ እቲ ዝተዓደጎ ዞን ኣብ ባቡራት ወይ ኣውቶቡሳት እዩ ዘገልግል። ዝኾነ ካብቲ ከባቢ ወጻኢ ዝጎዓዝ ካልእ ተወሳኺ ትኬት የድልዮ።

## ናይ ምሉእ መዓልቲ ትኬት ናይ ምምሕዳር ከባቢ

ኣብ ውሽጢ ስዊዘርላንድ ነዊሕ ጉዕዞ ክትገብር እንተ መዲብካ ኣብ ሓያሎ ምምሕዳራት ከተማ ብሕሱር ዋጋ ናይ ምሉእ መዓልቲ ትኬት (Gemeindetageskarte | Carte journalière "Commune") ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

## ናይ ለይቲ ናይ መጉዓዝያ መስመራት

ኣብ ካንቶን በርን ኣብ ቀዳመ ሰንበት ኣውቶቡሳት ወይ ባቡራት ለይቲ እውን ከይተረፈ ይጎዓዛ(ይሰርሓ) እየን። ኣስተውዕል፡ ኣብ ናይ ለይቲ መስመራት ፍሉይ መመላእታ ትኬት ክግዛእ ኣለዎ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/mobility/train-and-bus

# ብሽግለታ / ብእግሪ

ሳላ ብግቡእ ዝማዕበለ መራኸቢ መገድታት ብሽግለታ ኣብ ካንቶን በርን ብብሽግለታ ምዝዋር ባህ ዘብል ይገብሮ። ብዙሓት ክኢላታት(ሰራሕተኛታት) ብሽግለታ ጌሮም ናብ ስራሕ ይኸዱ። ንኣጋር ወይ ብእግሮም ዝጉዓዙ (ዝዛወሩ) ሰባት ብእግሮም ዝጉዓዝሉ ፍሉይ መገዲ ኣሎ።

## ብእግሪ ወይ ብብሽግለታ (Velo | vélo) ምጉዓዝ

ከተማታትን ምምሕዳራትን በርን ንብሽግለታ ዘወርቲን ንኣጋርን ሰሓብቲ እየን፡ ብፍላይ ከኣ ብተዛማዲ ድሕንነት ዘለዎን ስለዝኾና ። ስለዚ ብዙሓት ሰባት ንሓጺር ርሕቐት መኪና ኣይጥቀሙን (ብዘይ መኪና እዮም ዝጉዓዙ)። ኣብ ብዙሕ ቦታታት ፍሉይ መገድታት ብሽክለታ ወይ ጎደናታት ብሽክለታ ኣሎ። ኣጋር ካብ ኩለን እተን ናይ ኣጋር መስገሪ ልዕሊ ኩለን መካይን ቀዳምነት ይወሃቦም እዩ፡(ብዘይካ እቲ መስገሪ መገዲ ብመብራህቲ ትራፊክ ንምስጋር ዝተሰርዐ እንተዘይኮይኑ)። ካንቶን በርን ኣብ ግዜ ዕረፍቲ ንኽትድህስሶ ዘኽእለካ ባህ ዘብል መገዲ ብእግርኻ ክትከይድን ብእግርኻ ክትጕዓዝን ትኽእል ቀረባት ኣሎ። እቲ ብእግሪ ትጉዓዘሉ መገዲ ብጫ ምልክት ኣለዎ።

## ሕግታት ንዘወርቲ ብሽግለታ

ኣብ ስዊስ ብሽግለታ ንምዝዋር: ፍሉይ መምርሒ ፍቓድ ወረቐት ወይ ፈተና ኣየድልን።ሓፈሻዊ ኣብ ምምራሕ መኪና ዘለዉ ሕግታት ምኽታል የድሊ። ፍሉን ናይ ብሽግለታ መንገዲ መስመር ጽርግያ ምስዝህሉ ግን: ነዚ ብዝግባእ ክትጥቀመሉ ይግባእ። ብሽግለታ: ንተሽከርከርቲ ብንጹር ትርአ ክትከውን ኣለዋ፣ (ክልተ ጽቡቕ ዝሰርሕ ፍሬኖ: ቃጭል: ዘንጸባርቕ ብቕድሚትን ድሕሪትን) ናይ ርእሲ ቆቢዕ /ሄልመት ክትገብር ግድን ኣይኮነን: እንተተገብረ ግን ተመራጺ እዩ። ዘወርቲ ብሽግለታ: ኣብ ዝኾነ ኣጋጣሚ ሓደ ናይ ግዴታዊ ድሕነት ውዕል ክኣትዉ ኣለዎም። በዚ ኣብ ሰብ ወይ ንዘስዕብዎ ዕንወት ንክሽፈነሎም ውሕስነት ይረኽቡ።

## ምልምማድ ምዝዋር ብሽግለታ

ምዝዋር ብሽግለታ ክላመድ ዝደሊ ሰብ: ሓደ ስልጠና ክወስድ ኣለዎ። ነዚ ዝምልከት ስልጠና ኣብ ካንቶን ኣርጋው ብማሕበር ፕሮ ቬሎ (Pro Velo) ይወሃብ።ንስደተኛታት ዝምልከት ስልጠና ምዝዋር ብሽግለታ ኣብ ገለ ምምሕዳር ከባቢታት ብፍሉይ ይወሃቡ።ሕሱራት ዝተጠቀሙለን ብሽግለታ: ካብ ናይ ብሽግለታ ማዕከን ትካል ይርከባ።

## ናይ ብሽግለታ መጉዓዝያ

ኣብ ባቡር ወይ ኣብ ኣውቶቡስ ብሽግለታ ሒዙ ክጉዓዝ ዝደሊ ሰብ: ሓደ ፍሉይ ትኬት ክገዝእ የድልዮ። ኣብ ኩሉ ቦታ ወይ ኩሉ ግዜ እዚ ተኽእሎ የሎን። ገለ ክፋል ኣብ ባቡር ወይ ኣውቶቡስ ንብሽግለታ ዝኸውን ቦታ ይሕዛእ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/mobility/bicycle--on-foot

# መኪና / ብሽግለታ

ኣብ ስዊዘርላንድ ጽቡቕ ዝማዕበለ መርበብ መገድታት(ጽርግያታት) ኣሎ። ምጥቃም መብዛሕትኡ ጽርግያታት ብናጻ (ብዘይ ክፍሊት) እዩ። ሕግታት መጓዓዝያ(ትራፊክ) ኣዝዩ ኣገዳሲ ትርጉም ኣለዎ። በዚ እንተ ዘይተማእዚዝካ(ዘይተኽቲልካዮ) እቲ መቕጻዕቲ ልዑል እዩ ።

## ሕግታት(መምርሒታት) ትራፊክ(ተሽከርከርቲ)

ኣብ ስዊዘርላንድ ሕግታት ትራፊክ(ተሽከርከርቲ) ንመራሕቲ መካይን ኣዝዩ ኣገዳሲ ትርጉም ኣለዎ። እቲ መቕጻዕቲ ምስ ካልኦት ሃገራት ብምዝማድ (ብምውድዳር) ኣዝዩ ልዑል(ብዙሕ) እዩ። ከቢድ ጥሕሰት ሕጊ እንተ ኣጋጢሙ ፍቓድ መራሕ መኪና ክስረዝ (ክትሕደግ) ይኽእል እዩ።

ገለ ኣገዳሲ መምሪሒታት(ሕግታት)፡

- ዝለዓለ ፍጥነት ኣብ ከተማታት- 50 ኪሎ ሜተር ኣብ ሰዓት፡ ካብ ከተማታት ወጻኢ- 80 ኪሎ ሜተር ኣብ ሰዓት፡ ኣብ ቀንዲ ጎደና (ሃይወይ)- 120 ኪሎ ሜተር ኣብ ሰዓት።
- ብየማናይ ሸነኽ ምሕላፍ(ምቕዳም) ኣብ ኣብ ቀንዲ ጎደና (ሃይወይ) ክልኩል እዩ።
- ቀትሪ እውን ከይተረፈ መብራህቲ መኪና ክበርህ ኣለዎ።
- ኣብ ማኪና ዘለው ኩሎም ሰብት ቅናት መንበር ኽዕጠቑ ኣለዎም።
- ቆልዑት ኣብ መንበር ቆልዓ (ክሳዕ 12 ዓመት ወይ 150 ሳንቲ ሜተር ቁመት ዝገብሩ) ኮፍ ክበሉ ኣለዎም።
- መኪና ክትዝውር ከለኻ ብተሌፎን ምዝርራብ ብዘይ ኢድ (ብናይ እዝኒ መስምዒ ) ጥራይ እዩ ዝፍቀድ።
- ኣልኮላዊ መስተ ወይ ሓሽሽ እናሰተኻ መኪና ምምራሕ የቕጽዕ እዩ፡ (ዝበዝሐ መጠን ኣልኮላዊ መስተ ኣብ ደም 0.5)
- ኣብ መገዲ ኣጋር ዝኅዓዙ ኣጋር ወትሩ ቐዳምነት ይወሃቦም እዩ (ብጀካ ብመብራህቲ ትራፊክ ዝተሰርዐ እንተ ዘይኮይኑ)።

## ናይ መገዲ(ጽርግያ) ክፍሊት

ጽርግያታት ብፌደራላዊ መንግስትን፡ ብካንቶንን ምምሕዳራትን እዩ ዝምወል። ምጥቃም ጽርግያታት ብናጻ እዩ። ካብዚ ፍሉይ ናይ ቀንዲ መገድታት/ጽርግያታት(ሃይወይ) ምጥቃም እዩ። ኣብ ቀንዲ መገድታት/ጽርግያታት(ሃይወይ) ክትጥቀም እንተ ደሊኻ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ቪግኔት(ንእሽቶ ስእሊ ናይ ሃይወይ ዘለዋ) ክትዕድግ ኣሎካ። እዚ ኣብ ቅድሚት መከላኸሊ ንፋስ ቤትሮ ኣጣብቆ። እዚ ቪግነት ኣብ መደበራት ነዳዲ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ጶስጣ ወይ ኣብ ኣብያተ ጽሕፈት ትራፊክ(መጓዓዝያ) ይርከብ።

## ውሕስነት / ድሕነት

ኣብ ስዊዘርላንድ መድሕን ዘለውን መካይን ጥራይ እየን ክትጥቀመለን ትኽእል። ናይ መካይን ሓላፍነት መድሕን (Motorfahrzeug-Haftpflichtversicherung | Assurance automobile) ዝተፈላለያ ናይ ብሕቲ ኩባንያታት መድሕን ይህባ እየን። እቲ መድሕን ነቲ ብሰንኪ እታ ማኪና ዝወረደ ጉድኣት ንነገራት(ንብረትን) ኮነ ንሰባት ይኸፍል። ኣብ ማኪናኻ ንዝወርድ ጉድኣት ብወለንታ ዝግበር ተወሳኺ ዝተፈላለየ ሰፊሕ መድሕን (Kaskoversicherung | Assurance casco) ኣሎ።

ኣስተውዕል፡ ሓደ ሰብ ሸለልተኛ እንተ ኾይኑ እቲ ትካል(ኩባንያ) መድሕን ምናልባት ገንዘብ ኣይከፍልን ይኸውን (ንኣብነት ኣልኮላዊ መስተ ወይ ሓሽሽ እናሰተየ መኪና ዝዘውር)። ናይ መካይን ሓላፍነት መድሕን ኣብ ናይ ብሕቲ መድሕን ሓላፍነት ኣይኣቱን(ኣይጠቓለልን) እዩ።

## ካብ ደገ መኪና ምእታው / ምምጻእ

ዝኾነ መኪና ንሓዋሩ ናብ ስዊዘርላንድ ከእቱ ዝደሊ ን ቤት ጽሕፈት ጉምሩክ ከፍልጥን ክፍሊት ጉምሩክ ክኸፍልን ኣለዎ። እታ መኪና ብተክኒካዊ መዳይ እውን ክትምርመር ኣለዋ። ናይ መካይን ሓላፍነት መድሕን ፡ ናይ ስዊዘርላንድ ናይ መካይን ምዝገባ ሰነድ ከምኡውን ናይ ስዊዘርላንድ ናይ ፍቓድ ሰሌዳ(ታርጋ) የድልየካ። ተወሳኺ ዕሙቕ ዝበለ ሓበሬታ ካብቲ ኣብ ካንቶን በርን ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ትራፊክ መገዲ (Strassenverkehrsamt | Office de la circulation routière) ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/mobility/car--motorcycle

# ፍቓድ ምምራሕ መኪና (ተሽከርከርቲ)

ኣብ ስዊዘርላንድ መኪና ወይ ሞተር ብሽክለታ(ቱግቱግ) ንኽትመርሕ(ንኽት ዝውር) ግቡእ ፍቓድ መምርሒ መኪና የድልየካ። ናይ ወጻኢ(ደገ) ፍቓድ መምርሒ መኪና ናብ ስዊዘርላንድ ምስ ገዓዝካ(መጻኻ) ክቕየር ኣለዎ።

## ፍቓድ ምምራሕ መኪና ናይ ወጻኢ(ናይ ደገ)

ፍቓድ ምምራሕ መኪና ዘለዎ (Führerausweis | Permis de conduire) ናብ ስዊዘርላንድ ዝገዓዘ(ዝመጸ) ዝኾነ ሰብ ኣብ ውሽጢ 12 ወርሒ ናብ ፍቓድ ምምራሕ መኪና ስዊዘርላንድ ክቐይሮ ኣለዎ። ነዚ ንምግባር ናብ ናይ ካንቶን ቤት ጽሕፈት መጓዓዝያ ምድሪ (ቤት ጽሕፈት ትራፊክ) (Strassenverkehrsamt | Office de la circulation routière) ሕቶ(ጥርዓን) ክኣቱ (ክቐርብ) ኣለዎ። ፍቓድ ምምራሕ መኪና ካበይ ሃገር ከም ዝመጸ ኣብ ግምት ብምእታው ዝተፈላለየ መምሪሒታት ነቲ ምቕያር ይስርሓሉ። ምናልባት ፈተና ምምራሕ መኪና የድሊ ይኸውን ወይ እቲ መራሕ መኪና ነቲ ናይ ስዊዘርላንድ ናይ ክልሰ-ሓሳብ ፈተና (ናይ ጽሑፍ) ክፍትኖ የድሊ ይኸውን። ኣብ ካንቶን በርን ዝርከብ ቤት ጽሕፈት መጓዓዝያ ምድሪ ተወሳኺ ሓበሬታ ክይህብ ይኽእል እዩ።

## መርመራ(ፈተና) ምምራሕ መኪና

ኣብ ስዊዘርላንድ ፍቓድ ምምራሕ መኪና ንምርካብ መርመራ(ፈተና) የድሊ። እቲ ፈተና ምምራሕ መኪና ክልሰ-ሓሳባውን ግብራውን እዩ። ልዕሊ 17 ዓመት ዝዕድሚኦም ጥራይ እዮም ናብ ክልሰ-ሓሳባዊ መርመራ(ፈተና) ዝኣትዉ። እዚ ክልሰ-ሓሳባዊ መርመራ(ፈተና) ኣብ ካንቶን በርን ብጀርመን፡ ብፈረንሳይ፡ ብጣልያን፡ ከምኡውን ብእንግሊዝ ክግበር ይከኣል እዩ። ቤት ጽሕፈት መጓዓዝያ ምድሪ (ቤት ጽሕፈት ትራፊክ) ብዛዕባ እቲ ዘድሊ ቅድመ ኩነትን ልክዕ ኣሰራርሓን ይሕብር እዩ። ዓበይቲ ማካይንን(ላስትቫገን) ኣውቶቡሳትን ታክሲታትን ንምዝዋር ፍሉይ መርመራ(ፈተና) የድሊ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/mobility/drivers-license